# "ሓጋዚኣ እንተረኣየትስ ሜዲዳ ትሓብእ" ከይንበሃል

ርእሰ-ዓንቀጽ ሰዲህኤ

ጉጅለ ህግደፍ ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ስልጣን ዕድሜኡ ሕማቕ ተግባራቱ ካብ ዝተዓቀነሉ ማዓዝንታት ሓደ፡ ምስ ጐረባብትና ሃገራት ዝጸንሖ ዘራጊ ዝምድና እዩ። ኩልና ከምእንፈልጦ ምስ ኩለን ገረባብቲ ኤርትራ ተሰሓሒቡ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ውግእ እትዩ። ክልተ ግዜ ዝተዋግአን እውን ነይረን። ናይዚ ኩሉ ውግኣትን ምስሕሓባትን ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ክንዲ ናብ ውሽጣዊ ኩነታት ዝርኢ፡ ነቲ ውሽጣዊ ዓቢጡ ደገደገ ንምምዕዳው ንክጥዕሞ ህግደፍ ዝሃንደሶ ተንኮል እዩ ነይሩ። እሞ ከምቲ ዝደለዮዶ ንውሽጣዊ ኩነታት ህዝብና ክሓብኦ ክኢሉ ወይስ ኣይፋሉን ምልክታቱ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይረአ ኣሎ።

ብዙሓት ወገናት ነቲ ህግደፍ ምስ ጐረባብቲ ዝገብሮ ምትኹታኻት ካብቲ ኣብ ኤርትራዊ ጉዳይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ዘውርዶ ዘሎ በደላት ዝተፈልየ ገይሮምይርእይዎ ነይሮም። ነቲ ንሱ በደሉ ንክሓብእ ህግደፍን ህዝቢ ኤርትራን ፈላሊኻ ምርኣይ ዘየኽእል ስጡሑም ሓድነት ከምዘለዎም ኣምሲሉ ዘቕርበሎም ርዒሞም "ናብራ ህዝቡ ዝነብር ሜራሒ" ዝብልዎ'ውን ነይሮም። ኣብ መንጎ ወጻዕን ተወጻዕንስ ከመይ ገይሩ እዩ ከምዚ ዓይነት ሕሉፍ ፍቕሪ ዝህሉ ኢሎምምግንዛብ ዝተሰእኖምውን ነይሮም።

ጉጅለ ህግደፍ ኣብዚ ቀረባ ወርሓት ነቲ ቀንዲ ኣበሩ ዝሓብኣሉ ማኪልዎ፡ ካብቲ ንጉዳይ ህዝብና ጅሆ ሒዝሉ ዝነበረ ኣቕጣጫብነ ዊሕ ሃዲሙ ምስ ጐረባብቲ ደላይ ሰናይ ማኪልካ ናይ ምቕራብ ሃንደበታዊ ሜዕበል ኣልዒሉ። ነቶምመቓየሪ ዘየብሎም ክልተ ሰባቱ ኣቶ የማነ ገብረኣብን ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ልቦምክሳብዝጠፎምናብ ኢትዮጵያ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ሱዕድያን ኢማራትን ከጉይዮም ጸኒሑ። መወዳእቱ ከመይ ይኸውን ሓቢርና እንርእዮ ኮይኑ፡ በዚ ተግባሩ ልቢ ናይ ዝተወሰኑ ሜራሕቲ ጐርባብቲ ሃገራት እውን ሰሊቡ'ዩ። ገሊኦም ናብቲ ብሰንኪ ዘይጥዑይ ዲፕሎማሲያዊ ኣተሓሕዛኡ ገዲፍዎ ዝነበረ ኢጋድ ክምልስዎ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ኣለዉ። ምሒር ከሻህርትዎ በብዓይነቱ ሚሰሰኒ ናይ ናእዳ ሳጓታት ኣውጼምሉስ እቲ ብ2009 ዝተወሰኖ ሜዕቀብ ክለዓለሉ ከክንዳኡ ናብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ከጠርዑ እውን ተዓዚብና። ምናልባት ደኣ ነቲ ቀንዲ ኢሳይያስ ኣቓሚጥካ ብዘዕባ ካልኦት ምዝራብ ከይከውን እምበር፡ ናይቶምውጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ወጽዓ ህዝቦምገይሮምዘይወስዱ ግና ድማምእንቲ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰልን ዝሰብኩ ኣካላት ጉዳይ ኣዛራቢ እዩ።

ዲክታቶር ኢሳይያስ በዚ ተግባሩ ንዋላ ሓደ ሰብኣየዕሸወን ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ብፍላይ ምስ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኩነታት ክቕየር ምስ ጀመረ "ደጊም ኩሉ ተወዲኡ ሰላምኮይኑ እዩ" ዝብል ናይ ውሑዳት ደቂ ልቢ ገርሃ ዘረባታት ክስማዕ ጀሚሩ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ብሳላቲ ኤርትራውያን ናይ ለውጢሓይልታት ከካይድዎ ዝጸንሑን ዘይካይድዎ ዘለዉን ናይ ምቕላዕ ተግባር ኢሳይያስ ከምቲ ዝሓሰቦ ከምዘይኮነሉ ምልክታት ክንርኢ ጀሚርና ኣለና። "እዋእ ሎሚ ደኣ ከምዛ ናይ ኢትዮጵያ ክገብር እዩ እምበር" ዝብል ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣዘራርባ ሜልእኽቱ ቀሊል ኣይኮነን።

ዓበይቲ ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኮሚሽናት ስደተኛታትን ሰብኣዊ መሰልን፡ ኢሳይያስ ብሓፈሻ ምስ ጐርባብቲ ሃገራት ብፍላይ ድማምስ ኢትዮጵያ ዘካይዶ ዘሎ ዝምድና ናብ ንቡር ናይ ምምላስ ፈተነታት እንተቐጸሉ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ክሙጽእ ዝግበኦ ዜቤታዊ ኩለመዳያዊ ለውጢ ማበገሲ ክኸውን እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ማሰረታዊ ካብኡ ትጽቢት ዝግበረሉ ጉዳይ ንሱ ከምዘይኮነ ክነግርዎ ጀሚሮም ኣለዉ። በቲ ክሳብ ሕጂ ናይ ውሽጡ ደፊኡ ምስ ጐረባብቲ ጀሚርዎ ዘሎ ውሱን ስጉምትታት ተነይቱ ኣብ ቅድሚሕብረተሰብ ዓለም ዘየብሉ ምስሊ ሒዙ ቀረቡ፡ ብዘዕባ ምልዓል እገዳን ካልእ ተቐባልነትን ክሓስብ ከምዝይብሉ ክነግሮ ጀሚሩ ኣሎ። ወዮምደፋፈንዎምክኸይድ ዝደሊ፡ ምፍታሕእሱራት፡ ምቁራጽ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ስግኣትን ክቱር ምቁጽጻርን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ምውጋድ፡ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ምትካል.... ወዘተ ዝብሉ ሓረጋት ብኤርትራዊ ልሳን ጥራይ ዘይኮነ በቶም ክተዓረቖም ጉንብሕ ጥልዕ ዝብለሎም ዘሎ ኣሜሪካውያን ናይ ዲፕሎማሲ ፈላጣት እውን ይለዓሉ ኣለዉ።

እቲ ናይ ኢሳይያስ ገበናት በቲ ምስ ጐረባብቲ ዝገብሮ ዝርጋ ጥራይ ዝምዝን ዘይኮነ፡ ብዝያዳ ብመንጽር'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ጩቆና ክኸውን ይግበኦ፡ ንብሎ ዝነበርና ሎሚሰሚዒ እዝኒ ምርካቡ ነቲ ነካይዶ ዘለና ናይ ለውጢ ቃልሲ ሓጋዚ እዩ። ነቲ ንሕና ኤርትራውን ባዕልና ክንገብሮ ዝግበኣና፡ ግና ክሳብ ሕጂ ዘይበቓዕናዮ ዝትክእ ግና ኣይኮነን። ስለዚ በዚ ዓይኑ ኣፍጢጡዝቀላቐል ዘሎንዲክታቶር ኢሳይያስ ዝቐጽዕ ሓሳባት ተተባቢዕና፡ በበይንና ዘይኮነ ብሓባር፡ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮና ተማሂርና ቃልስና ንቕድሚት ክንደፍእ ሎሚውን ናትና ዕዳ እዩ። ሎሚውን ኣብ ጉዳይና ቦታ ተዓዘብቲ ሒዝና ክንስገር እንተኮይና ግና "ሓጋዚኣ እንተረኣየትስ መዲዳ ትሓብእ" ክንበሃል ኢና።

ቤት ጽሕፈት ዜና ሰዲህኤ